# ቅያ ስጡም መስርዕ!

## ናቕፋ፡ ማእከል ስሕበት ሓርነታዊ ቃልሲ

## (2ይ ክፋል)



ሰሎሙን በርሀ

ዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ትርጉም ናይቲ ካብ ናቕፋ ተበጊሱ ኣብ ኩሉ ዞባታት ዑደት ኣብ ምክያድ ዝርከብ ‘ህያብ ናጽነት’ ንምጉላሕ፡ “ቅያ ስጡም መስርዕ” ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ነቲ ተተሪኹ ዘይውዳእ ብመስተንክር ጅግንነትን ተወፋይነትን ዝተሰግረ ቅያ ሓርነታዊ ተጋድሎና ዘዘኻኽር ተኸታታሊ ጽሑፍ ሒዛትልኩም ቀሪባ ኣላ። እዚ ጽሑፍ’ዚ ኣብ “ዛንታታት ተሞኩሮ ገድሊ፡ ቅጺ 7 ናቕፋ” ከም መእተዊ ቀሪቡ ዘሎ ኮይኑ ቅሩብ መወሰኸታን ምትዕርራይን ተገይርሉ ኣሎ። ካብ ናቕፋ ናብ ከባቢ ኣስመራ፡ ካብ ከባቢ ኣስመራ ናብ ናቕፋ፡ እንደገና ካብ ናቕፋ ናብ ኣስመራ ዝነበረ ጉዕዞ ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ብወተሃደራዊ መዳዩ ዝትርኽ ድማ እዩ። ኣመዓባብላን ኣቋውማን ኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ህዝቢ ኤርትራ፡ ሕልሚ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ንምርዋይን ጂኦ-ፖለቲካዊ ረብሓታት ርእሰ ሓያል ኣመሪካ ንምሕላውን ተባሂሉ፡ ብውዲት ዝተመንዘዐ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ንምምላስ፡ ንሃገራዊ ናጽነቱን ልኡላውነቱን ኣንጻር ጭቈናን ግፍዕን ዝተሓላለኸ መልክዓት ቃልሲ ኣካይዱ እዩ። ኣብ 1961 ኣብ ምዕራባዊ መታሕት ዝፈለመ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሓያሎ ታሪኻዊ መድረኻት ሰጊሩ፡ ቀስ ብቐስ ጽልዋኡ ናብ መላእ ኤርትራን ክንዮኡን

እናሰፋሕፍሐ ምስ ከደ፡ ህዝቢ ኤርትራ ልዑል ሃንቀውታ ናጽነት ከሕድርን ምስ ሰውራኡ ክደጋገፍን ጀመረ። ኣብ መወዳእታ 1970 ንኣካይዳ መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብምቅዋም ካብቲ ውድብ ዝተፈልዩ ደሞክራሲያውያን ባእታታት ተጋደልቲ፡ 1ይን 2ይን ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ከምኡ'ውን ዑበል ዝተሰምዩ ምትእኽኻባት ኣቘሙ። ቀዳማይን ካልኣይን ወገን ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ መስከረም 1973 ምሉእ ብምሉእ ክሰምራ እንከለዋ፡ ኣብ ሰነ 1974 ሓይልታት ዑበል ምስ ሰራዊት ህዝባዊ ሓይልታት ተሓናፈጻ። ከም ውጽኢት ናይዚ ድማ ሸሞንተ ተዋጋእቲ ሓይልታት ቈማ። ኣብ 1974 ዘውዳዊ ስርዓት ሃይለስላሰ፡ ብጽልዋ ሰውራ ኤርትራን ተቓውሞ ህዝባታት ኢትዮጵያን ካብ ስልጣኑ ምስ ተገለፈ፡ ስልጣን ዝጨበጠ ወተሃደራዊ ጉጅለ ደርግ፡ 'ሰላማዊ ፍታሕ ጉዳይ ኤርትራ' ብዝብል ስልቲ ንግዜኡ ከደናግር ፈተነ። ነዊሕ ከይጸንሐ ግን፡ እዚ ሓድሽ ስርዓት'ዚ እውን ከም ስርዓት ሃይለስላሰ መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ክቕበል ድልው ከምዘይኮነ፡ ንጹር እናኾነ ከደ። እዚ ኩነታት'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ብምሉእ ዓቕሙ ኣብ ጐድኒ ሰውራ ደው ክብል ዝደረኾ እዩ። ናይ 1975 ውግኣት ከባቢ ኣስመራ (ዕግርግር ኣስመራ) ምስ ተወሰኸ ድማ፡ ደርግ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ድማ ብፍላይ ብዙሕ ግፍዒታት ስለ ዝፈጸመ፡ መድረኽ 1974-75 ንሰውራ ዝስለፍ መንእሰይ እናበዝሐ ከደ። ቅያ ስጡም መስርዕ! ምስ ምውሓዝ መንእሰያት ናብ ሰውራ፡ እቲ ብደረጃ ሓይልታት ዝነበረ ኣወዳድባ ተቐይሩ፡ ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ ሓምለ 1975 ምትሕንፋጽ (ተኽሊጥ) ናይ ሰራዊት ብምግባር፡ ኣወዳድባ ሓይልታቱ ናብ ደረጃ ቦጦሎኒ ኣዕበዩ። በቲ ሽዑ ዝተገብረ ኣወዳድባ ከኣ፡ 11 ኣጋር፡ ክልተ ናይ ማእከላይ ከቢድ ብረት ቦጦሎኒታት ብጠቕላላ 13 ቦጦሎኒታት ቈማ። እተን ኣጋር ቦጦሎኒታት 1፡ 2፡ 3፡ 4፡ 6፡ 7፡ 8፡ 9፡ 111፡ 301፡ 607 ዝተሰምያ ኮይነን፡ እተን ናይ ማእከላይ ከቢድ ብረት ቦጦሎንታት 10ን 500ን ነበራ። ብተወሳኺ ርእሰን ዝኸኣላ ኣሃዱታት ወተሃደራዊ ሃንደሳን ስለያን እውን ቈማ። እዚ ኣቋውማ'ዚ ክሳብ ግንቦት 1977 ምቛም ብርጌዳት ዝጸንሐ እዩ። ፈላሚ መጥቃዕቲታት ናቕፋን ከባቢኣን ተዋጋእቲ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት፡ ኣብ ከባቢ ናቕፋ መጥቃዕትታት ክፍትና ዝጀመራ ድሕሪ ምቛም ቦጦሎኒታት እዩ። ኣቐዲሙ፡ ደባይ ኣሃዱታት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ናቕፋን ከባቢኡን ይንቀሳቐሳ ከም ዝነበራ ይፍለጥ። ሰራዊት ህዝባዊ ሓይልታት ካብ ሰነ 1974 ጀሚሩ፡ ካብ ሳሕል ናብ ከበሳ ክወጽእ ኣብ ዝጀመረሉ፡ ምዕራባዊ ሸነኻት ናቕፋ ውሑዳት ኣሃዱታት

ቦጦሎኒ 607 ከምኡ'ውን ቦጦሎኒ 500 ይንቀሳቐሳኡ ነበራ። ብዘይካ'ዘን ተዋጋእቲ ኣሃዱታት፡ ህዝቢ ኣብ ምንቃሕን ምውዳብን ዝነጥፉ ውሑዳት ኣባላት ክፍሊ ህዝቢ (ጀማሂር) እውን ኣብቲ ከባቢ ይነጥፉ ነበሩ። ኣብ መስከረም 1975 ካብ ቦጦሎኒታት 900፡ 301፡ ከምኡ'ውን ካብ ከቢድ ብረት ቦጦሎኒ 500 ዝተዋጽአ ሓይሊ ንፈለማ ግዜ ኣብ ናቕፋ መጥቃዕቲ ፈተነ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝበዝሕ ክፋል ሰራዊት ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ 1974- 1975 ዝተሰለፈ ብዙሕ ናይ ውግእ ተሞኩሮ ዘይነበሮ መንእሰይ እዩ ነይሩ። እዚ ፈላሚ መጥቃዕቲ'ዚ ቅድሚ ምጅማሩ ቦጦሎኒታት 900፡ 301 ኣብ ከባቢ ናሮ ዓስኪረን ነበራ። ቦጦሎኒ 500 ከኣ ካብ ብሊቃት ተበጊሳ ጻሕተት ኣብ ዝተባህለ ቦታ ድሕሪ ምዕራፋ፡ ንስርሒት ይሓይሽ ተባሂሉ ዝተመርጸ ግዝያዊ ኣወዳድባ ገበረት። ብሕመድ-ደቤላ ኣቢላ ከኣ ንናቕፋ ተጸግዐት። ካልኦት ኣሃዱታት'ውን ኣብዚ መጥቃዕቲ'ዚ ክሳተፋ ካብ ከባቢ ኣፍዓበት ዝመጸ ነበራ። ኣብቲ እዋን'ቲ ቦጦሎኒ 500 (ከቢድ ብረት) ዓጢቓቶ ዝነበረት ኣጽዋር፡ ክልተ ናይ 12.7 ሚሊ ሜትር ዶሽካ፡ ሓደ ብራውን፡ ንኣሽቱ ሃውናት (ሞርታራት) ከም 81 ሚሊ ሜትር፡ መድፍዕ 75 ሚሊ ሜትር፡ ቢ-10 ነበረ። እቲ መጥቃዕቲ ምስ ጀመረ ካብ ናቕፋ ንሰሜን እትርከብ ዓባይ ጐቦ፡ ተጋደልቲ ብራውን ተኺሎም ናብ መዓስከር ናቕፋ ክወቕዑ ስለ ዝጀመሩ እታ ታባ ካብ ሽዑ ጀሚራ “ታባ-ብራውን” ዝብል ስም ሓዘት። እዚ ፈላሚ ቀዋሚ ውግእ'ዚ፡ ብኸቢድ ብረት ተሰንዩ ካብ ወጋሕታ ጀሚሩ ምሉእ መዓልቲ ክካየድ ወዓለ። ንጽባሒቱ እውን ቀጸለ። ብዘይካ መዓስከር ምብራቕ መብዛሕትኡ ተታሒዙ'ኳ እንተነበረ፡ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ከምቲ ዝድለ ክዕወታ ስለ ዘይከኣላ ናብ መንቀሊ ቦታኦን፡ ጸባጥ፡ ጣብራ፡ ፈለግ፡ ጠናስ፡ እምባልቆን ሩባ-ሞያን ኣዝለቓ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ መዓስከር ናቕፋ ዝነበረ ሰራዊት ደርግ፡ ምስቲ ድሒሩ ዝሰዓበ ወተሃደራዊ ምዕባለታት ክነጻጸር ከሎ ብዙሕ ኣይኮነን። እንተኾነ ተጋደልቲ ናይ ውግእ ተሞኩሮኦ ድሩት'ዩ ዝነበረ። ድሕሪ'ዚ ናይ ፈለማ መጥቃዕቲ እዘን ኣሃዱታት ኣብቲ ከባቢ እናተንቀሳቐሳ፡ ዝበዝሕ ግዜ ብለይቲ ንኣሽቱ ውግኣት እናካየዳ፡ ዓመት ምሉእ ካብቲ ከባቢ ኣይርሓቓን። ብኸምዚ ድማ ናቕፋን ከባቢኣን ቦታ ውግእ እናኾነ ስለ ዝኸደ፡ ህዝቢ ናቕፋ ካብቲ ግዜ'ቲ ጀሚሩ ክፈናቐልን ካብቲ ከባቢ ክርሕቕን ጀመረ። እዚ ፈላሚ መጥቃዕቲታት'ዚ፡ ንስርዓት ደርግ ስግኣት ስለዝፈጠረሉ፡ ኣብ መጀመርታ ጥቅምቲ 1975 ሓጋዚ (ረዳት) ሓይሊ ክልእኽ ወሰነ። ኣብ ርእሲ ገለ ኣሃዱታት 2ይ ክፍለጦር፡ ሓደ ኣሃዱ ካብ ክቡር ዘብዐኛ - ሓለዋ ቤተ መንግስቲ ሃጸይ ሃይለስላሴ ነበር እውን ናብዚ ወፍሪ'ዚ ካብ ኣዲስ

ኣበባ ተበገሰ። እዚ ፍሉይን እሙንን ሰራዊት ሃጸይ ሃይለስላሰ ዝነበረ 3ይ ብርጌድ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣሃዱ፡ ስርዓት ደርግ ክኣምኖ ስለ ዘይከኣለ፡ ኮነ ኢሉ ኣብ ናቕፋ ክዳኸምን ኣብ ኩናት ኤርትራ ክጽመድን ከም ዝለኣኾ ዝገልጹ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣለዉ። ምስቲ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ዝነበረ ሓይሊ ተወዳዲቡ ከኣ፡ ኣብ መወዳእታ ጥቅምቲ ኣስታት 600 ሰራዊት (ልዕሊ ፍርቂ ካብኡ ኮማንድስ) ዝሓዘ ቃፍላይ ካብ ከበሳ ንናቕፋ ተበገሰ። እቲ ቃፍላይ ብወተሃደራዊ መካይንን ሓሙሽተ ዝኹና ኣውቶ-ብለንዳ (ጐማ እግረን) ታንክታትን ተሰንዩ፡ ኣብ ኣፍዓበት፡ ናቕፋን ቅሮራን ዓስኪሩ ንዝበረ ሓይሊ ከደልድል መደብ ሒዙ ዝተበገሰ እዩ። ምንቅስቓስ ናይዚ ሓይሊ'ዚ ምስ ተፈልጠ ቦጦሎኒ 111 ኣብ ዓንሰባ ከባቢ ገንፈሎም ድብያ ገይራ ከተረቶ። እንተኹነ ነቲ ድብያ ጥሒሱ ኣፍዓበት ኣተወ። እዚ ረዳት ሓይሊ'ዚ ካብ ኣፍዓበት ንናቕፋ ምስ ነቕለ'ውን፡ ካብ ቦጦሎኒታት 301፡ 607 ከምኡ'ውን 45 ተባሂላ ካብ እትጽዋዕ ሓይሊ ናይ ከቢድ ብረት ዝተዋጽአ ዓቕሚ፡ ኣብ ጸበብቲ ቦታታት ሩባ-ሕዳይ፡ ከባቢ ሓራስ ሓርማዝ ድብያ ገይሩ ጸንሖ። ሓራስሓርማዝ ኣብ መንጎ ክልተ ጕቦታት ዝርከብ ንድብያ ኣዝዩ ምቹእ ቦታ እዩ። እዘን ኣሃዱታት ሃንደበትነት ንምርካብ ስለስተ መዓልቲ ኣድብየን ድሕሪ ምጽባይ፡ ምስቲ መገዲ ናቕፋ ሒዙ ዝጓዓዝ ዝነበረ ሰራዊት ውግእ ገጠማ። ካብ ንግሆ ክሳብ ኣጋ ምሸት ሰዓት 4፡ 00 ድማ ከቢድ ውግእ ተኻየደ። ሰራዊት ደርግ ፈለማ በቲ ዝተጻወደሉ ድብያ ደንበርበር በለ። እንተኹነ ዓቕሚ ናይቶም ዘድበዮ ተጋደልቲ ገምጊሙ፡ ንየማኑ ኣግፊሑ ናብ ናሮ ዘገምግም ታባታት እናሓዘ ንገዛኢ ጎቦ ሓርጠጠት ድሕሪ ምቁጽጻር፡ ነቶም ድብያ ዝገበሩ ተጋደልቲ ብድሕሪኦም ተጠውዩ፡ ንላዕላይ ሩባ ሕዳይ ዓጽዩ ኣብ ከበባ ከእትዎም ተንቀሳቐሰ። እቶም ወተሃደራት ምኩራት ኣብ ርእሲ ምንባሮም እኹል ዓቕሚ ሰብን ኣጽዋርን ዝነበሮም እዮም። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ተጋደልቲ ኣትኪሎም ነዊሕ ክረባረቡዎ ዘዋጽኦም ኣይነበረን። እተን ዘድበያ ኣሃዱታት ናይ ምዝላቕ ስጉምቲ ብምውሳድ፡ ብጎቦታት በያን፡ ሩባ ምየ ኣቢለን ናብ መንቀሊ ቦታኣን ከባቢ ናቕፋ ተመልሳ። ሰራዊት ደርግ ዝወረዶ መጠናዊ ማህሰይቲ ተሰኪሙ ናብ ናቕፋ ቀጸለ። እቲ ቃፍላይ፡ ኣብ ናቕፋ ንዝነበረ ሰራዊት ዘድሊ ዕጥቂን ስንቂን ኣብጺሑ፡ ኣብ ምብራቓዊ ሸነኽ ናቕፋ ኣስታት ሓደ ሰሙን ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብሰለስተ ሕዳር 1975 ሰዓት-ዓሰርተ ቅድሚ ቀትሪ ናብ ኣፍዓበት ክምለስ ነቕለ። ኵነታት ምምላሱ ምስ ተፈልጠ፡ እተን ኣብ ናቕፋን ከባቢኣን ዝነበራ ቦጦሎኒታት እንደገና ኣብ ከባቢ ሓራስሓርማዝ ድብያ ክገብራሉ ተወሰነ። እዚ ዕማም'ዚ ዝተዋህባ ብቕንዱ

ቦጦሎኒ 301 ክትከውን እንከላ፡ ካብ ቦጦሎኒ 607 ዝተዋጽኣት ሓይሊ'ውን ኣብቲ ድብያ ክትሳተፍ ተመዲባ፡ ሓደ መዓልቲ ቅድሚ ምብጋስ ናይቲ ቃፍላይ ናብ ሓራስ-ሓርማዝ ገስገሰት። እዚ ካልኣይ ድብያ እውን ከምቲ ዝተወጠኖ ኣይከደን። ሰራዊት ደርግ፡ ካብቲ ቅድሚኡ ዘጋጠሞ ድብያታት ተሞኩሩ ስለዝነበረ፡ ነቲ ካልኣይ ጉዕዞ ክጥንቀቐሉ ግድን ነበረ። ተጋደልቲ፡ ኣብ ከባቢ ሓራስ ሓርማዝ ኣብ ድብያ ከእትውዎ እዮም ወጢኖም። እንተኾነ ሰዓት ሓሙሽተ ንግሆ፡ ኣቐዲሙ ኣጋር ሰራዊት ጸላኢ ብምሕላፍ፡ ነቲ ብወገን ምዕራብ ዝነበረ ገዛኢ ታባታት ተቘጻጸሮ። ነቲ ድብያ ክገብር ዝተንቀሳቐሰ ሓይሊ ኣብ መሸንቈቋ ኣእትዩ ከኣ፡ ብቕድሚትን ድሕሪትን ቀርቂሩ ቦምባታትን ጠያይትን ከዝንበሉ ጀመረ። ውግእ ኣዝዩ ጻዕጽዐ። ተጋደልቲ ኣብ መዋጥር ኣትዮም ክዋግኡ መሬት ረፈደ። ነቲ ኵነታት ብምምዝማዝ፡ እቶም ኣብ ጕቦታት ዓሪዶም ዝነበሩ ኮማንድስ ወሪዶም ነቶም ኣብ ዓሚቝ ሩባታት ዝነበሩ ተጋደልቲ ኣብ ከበባ ኣእተዉዎም። እቲ ናይ ድብያ ስርሒት ምውህሃድ ስለዘጥፈአ ከኣ፡ እታ ድብያ ክትገብር ዝሓሰበት ኣሃዱ ንባዕላ ኣብ ድብያ ኣተወት። እዚ ጥራይ ከይኣክል ገለ ኣሃዱታት ቦጦሎኒ 301 ቅድሚ መዓልቲ ውግእ፡ ጋሻ ውሕጅ ብረታትን ስንቅን ስለዝወሰደለን፡ ኣስናኑ ዝረገፈ ኣንበሳ ኰይነን ነበራ። ኣብዚ ናይ ሓራስ ሓርማዝ ከቢድ ውግእ፡ 15 ተጋደልቲ ተማረኹ። (ዳርጋ ኵሎም እዞም ናይ ሓራስ ሓርማዝ ምሩኻት፡ ጸኒሖም ኣብቲ ካብ 13 ናብ 14 ሓምለ 1977 ኣብ ዘውግሕ ለይቲ ዝተፈጸመ ስርሒት ካብ ቤት ማእሰርቲ ሰምበል ወጺኦም እዮም። እዚ ስርሒት'ዚ ካልኣይ ስርሒት ምውጻእ እሱራት ካብ ሰምበል እዩ ነይሩ። ኣቐዲሙ ኣብ 1975 ሓይልታት ተጋደሎ ሓርነት ኤርትራ ተመሳሳሊ ስርሒት ፈጺመን ነይረን እየን።) ቅድመ-ከበባ ናቕፋ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ቦጦሎኒ 900 ከምኡ'ውን ቦጦሎኒ 301 ካብ ከባቢ ናቕፋ ናብ ከባቢ ኣፍዓበት ምስ ተንቀሳቐሳ፡ ቦጦሎኒ 607 ነቲ ቦታ ተኪኣ ምስ ቦጦሎኒ 500 ዳርጋ ብቐዋምነት ኣብ ከባቢ ናቕፋ ከም ዝሰፍራ ተገብረ። ሰራዊት ደርግ እቲ ካብ ጥቅምቲ 1975 ጀሚሩ ዝተኸስተ ህላወ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ ከባቢ ናቕፋ ከሰክፎ ስለዝጀመረ፡ ምንቅስቓሱ ኣብ ርእሲ ምድራቱ፡ ጐዳጕዲ ክኹዕት፡ ነተጕቲ ከጻውድ ብሓፈሻኡ ምክትታሉ ከሐይል ተራእየ። ህዝባዊ ሰራዊት ከኣ ብምዕራብ፡ ሰሜን፡ ሰሜናዊ-ምብራቕ፡ ብዘይካ'ቲ ብሸነኽ ምብራቕን ደቡብን ዝርከብ ናብ ናቕፋ ዘእቱ ጽርግያ፡ ብሓውሲ ፍርቂ ክቢ ንናቕፋ ተቐኒቱዋ ምንቅስቓስ ጦር-ሰራዊት ናይ ምክትታል ዕማሙ እናጸንከሮ ከደ። ካብዚ ግዜ'ዚ ንድሓር ናይ መሬት ርክብ ንሰራዊት

ደርግ ኣጸጋሚ እናኾኖ ስለ ዝኸደ፡ ምንቅስቓሱ ቀስ ብቐስ ዛሕቲሉ፡ እቲ ርክብ ብንኣሽቱ ነፈርቲ ጥራይ ኰነ። ንሱ ስለ ዘይኣኸለ'ውን ደርግ፡ ብጃንጥላታት ገይሩ ዕጥቂን ስንቂን ናብ ሰራዊቱ ክድርቢ ጀመረ። ጃንጥላ ክድርበ እንከሎ ብነፈርቲ ውግእ ተዓጂቡ ይመጽእ ነበረ። ብኸምዚ ዓይነት ኩነታት ድማ ዓመተ 1975 ሓለፈ። ብ23 መጋቢት 1976፡ ካብ ቦጦሎኒታት 301፡ 607 ከምኡ'ውን ቦጦሎኒ 500 ዝተዋጽአ ሓይሊ፡ ብለይቲ ንኣፍዓበት ኣጥቀዐ። በዚ መጥቃዕቲ'ዚ ሆስፒታል ኣፍዓበት ዳርጋ ምሉእ ብምሉእ ንብረቱ ተወስደ። በቲ ኣጋጣሚ'ውን ሓያለ ካብቶም ኣብቲ ሕክምና ዝሰርሑ ዝነበሩ ኤርትራውያን ናብ ሰውራ ክስለፉ ዕድል ረኸቡ። በዚ መጥቃዕቲ'ዚ ዝተሰናበደ ሰራዊት ደርግ፡ ኣብ ኣፍዓበት'ውን መዋግኢ ዝኸውን ጐዳጕዲ ክኹዕት ጀመረ። ህዝባዊ ሰራዊት ከኣ ኣብ መንገዶ ኣፍዓበትን ኣይዳብን ኣብ እትርከብ ሩባ ኣስቃቕ ብውሱናት ዝበራረያ መሳርዕ ዓስኪሩ፡ ኣብ ከባቢ ኣፍዓበት ዝግበር ምንቅስቓስ ጸላኢ ምክትታል ክገብር ጀመረ።